## ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ (ግቢ ውሽጢ) ኣብ ዘለዉ ስቶራት ዝርከቡን ግልጋሎት ዘይህቡን ዝተፈላለዩ ቀወምትን ሃለቕትን ንብረታት ብፕሮፎርማ _ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 16, 2017 ( ቅድሚ 12 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 19, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ መጋቢት 19, 2017 04:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ቑፅሪ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/731/0-01

ዕለት 16/07/2017 ዓ/ም

ምልክታ ፕሮፎርማ ዝውገድ ንብርት ቑፅሪ 02/2017 ዓ/ም

ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ (ግቢ ውሽጢ) ኣብ ዘለዉ ስቶራት ዝርከቡን ግልጋሎት ዘይህቡን ዝተፈላለዩ ቀወምትን ሃለቕትን ንብረታት ብፕሮፎርማ _ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ኣማሊእኹም ክትወዳደሩ እትደልዩ ተጫረቲ ምውድዳር ትኽእሉ ምኳንኩም ንሕብር።

መምርሒ ተወዳደርቲ /ተጫረቲ/

1/ ተጫረቲ ናይቲ ዝሸየጥ ዝርዝር ንብረት ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50 ( ሓምሳ ብር ) ብምኽፋል ካብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ዳ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 08 ካብ ዕለት 16/07/2017 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 18/07/2017 ዓ/ም ኩሉ ገዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት መፂእኹም ክትወስዱ ትኽእሉ ።

2 / እቲ ጨረታ ዕለት 19/07/2017 ዓ/ም ቅድሚ ቐትሪ ልክዕ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት። ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ግን እቲ ጨረታ ኣይተኣጓጎልን ።

3/ ኣብ ሰነድ ጨረታ መሊእኹም እተእትውዎ መወዳደሪ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ብግልፂ ዝንበብን ክኸውን ኣለዎ ።

4 / ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ዋጋ ብር 2000 ( ክልተ ሽሕ ብር) ብጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ ኣለኩም።

5/ ተጫረቲ ናይቲ እትወዳደሩሉ ንብረት ኩነታት ብኣካል ብምርኣይን ግልፂ ዘይኮነልኩም እንተሃልዩ ድማ ንዝምልከቶ ብዓል ሞያ ንብረት ክፍሊ ብምሕታትን ኣረጋጊፅኩም ዋጋ መሊእኹም ብዝተዓሸገ ፖስታ ተቕርቡ።

6 / ኣብዚ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተጫራቲ ሰዓራይ ምኳኑ ብደብዳበ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5' ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት ገንዘብ ኣታዊ ብምግባር/ብምኽፋል ብናይ ባዕሉ መጉዓዝያ የልዕል ፤ ኣብቲ ዝተጠቕሰ እዋን እንተዘይ ኣልዒሉ ግን ዘትሓዞ መኽበሪ ጨረታ ዝውረስ ይኸውን ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7/ ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

8/ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-44-40-45-92 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle